


# ሐቂ ይጸንሕ ንደቂ

ህዝቢ ኤርትራ ብኤርትራዊነቱ ኮሪዑ ንዘመናት ብዙሕ ቃልሲ ከምዝገበረ ዝርስዕ ኤርትራዊ ፍጡር ዘሎ ኣይመስለንን ኤርትራዊ ኣበይ ይሃሉ ደሙን ቀልቡን ምስ ህዝቡ ኣወሃሂዱ <u>ካብ ብዙሕ ትምህርቲ ትሓይሽ ሐቂ ሐንቲ</u> ኢሉ ክቃለስ ከሎ ጸላእትና ከኣ መንነትናን ናጽነትናን ከይንረክብ ምስ በዓል ኣሜሪካን እንግሊዝን ድሕር ምስ ሩስያን ተኸታተልታን ዕርክነትን ሽርክነትን ብምግባር ኣንጻርና ዝቐንዔ ከፋፋሊ ሰልፍታት ፈጢሮም እዚ ዘይተባህለ እከይ ስርሐት ከምዝገበሩን ከምዝተሳዕሩን ንኹልና ብሩህን ሐቅን እዩ

ስለዝኾነ ሕጂ ኩልና ኤርትራውያን ወዲመን ትበሃል ኣበዩ ሃገርካ ተባሂልና ምስ እንሕተት ወዲ እከሌ ንብልሞ ብዛዕባ ሃገርና ከኣ ወዲ ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ኢልና ብኹርዓት ክንምልስ ክኢልና ስለዚ መንነት ኣብዝኾነ ቦታ ከይድካ ብገንዘብ ትገዝኦ ዓይነት ዘይኮነ ብኸቢድ ቃልስን መስዋእትን ዝመጸ ምኻኑ ስለንፈልጥ ንውሽጣዊ ስሚዕትና ዘዕግብ ንኹሉ ነገራትና ጠርኒፉ ዝኸይድ ባህላዊ ክብርናን ቋንቋናን ዝሐቖፈ ስለዝኾነ ውሽጣዊ ውህሉል ደምና እንዳፈልፈለ ንነብስና ሂወት ዝህብ ዓሙቕ ጺጋ እዩ ሃገር እንተሎ መንነት ኣሎ ስለዚ ሃገር ንሐደ ጸሊእና ንጸልኦ ንሐደ ፈቲና ንዕቅቦ ኣይኮነን ሃገር ሃገርናዩ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ንሃገርና ዝፈታተን ክመጽእ ከሎ ሐድነትና ኣደልዲልና ንደሐር ከይበልና ክንከላኸልን ኣንጻር ጸላእትና ጠጠው ክንብልን ንግደድ እዚ ኸኣ ብኣና ብኤርትራውያን ጥራሕ ኣይተጀመረን

ሃገር ሃገር ዘብል ከምተን ኣፍሪቃውያን ሃገራት ንሚእቲ ዓመታት ባንደራኤን ዝሰቐላ ጥራሕ ከይትኸውን ብኹሉ ነገራት ቀልጢፉ ማዕብላ ክንርእያ ንደሊ ንኸውን እዚ ጽቡቕ ፍቕሪ ሃገር ግን ብሐደ መዓልቲ ዝብጻሕ መስርሕ ዘይኮነ ነዊሕ ግዜ ዝወስድ ናይ ኩልና ኤርትራውያን ጻዕርን ሐድነትን ከምኡውን ጽንዓትን ተጸዋርነትን ይሐትት

እቶም ቀትሪ ቀትሪ ዝሐልሙ ጸላእትና ኣብ ናብራ ሐሶት ስለዝነብሩ ብዙሕ ናይ ሐሶት መጻሕፍትን ጋዜጣታትን ካብ ምጽሐፍ ንድሕሪት ኣይበሉን ኤርትራዊ ግን ኤርትራዊ እዩ ልዕሊ ኩሉ ሃገርናን ህዝብናን ስለንፈቱ ምስ ዋርሳይ ይከኣሎ ብሐባር ተጠርኒና ሐድነትናን መንነትናን ዓቂብና ንዝመጸ ዝኾነ ይኹን እሾኽን ዓንኬልን ሰጊርና ንኤርትራ ሃገርናን መንነትናን ብቐልጽምና ክንዕቅብ ምኽኣልና መን ምኻና ንዓለም ከነመስክር ክኢልና

ጸላእትና ኤርትራና ከምትምዕብል ንቕድሚት ከምትውንጨፍ ኣጸቢቖም ስለዝፈልጡ ኩሉ ግዜ ናይ ሐሶትን ቤላቤሎውን መስርሕ መዓልታዊ ክገብሩ ንዕዘቦም ኣለና ንኣሜሪካ ይኺዱ ኣውሮፓ ዋላ ኣብቲ <u>ማእከል ሐሶት ኣራት ኪሎ ይደቅሱ</u> ንዓና ንኤርትራውያን ድምብርጽ ኣይብለናን ኣዩ ንሕና ኤርትራውያን ፍጡራት ናይ ብዙሕ ዓመታት ፍሉጥ ታሪኽ ዘለና ኣብቃልስን ኣብሰላምን ዝሰርሕ ብተሞኩሮ ዝበሰለ ንኹሉ ኤርትራዊ ህዝቢ ዘሳተፈ ሰፊሕ ኣረኣእያ ዘለዎ ንሃገራዊ ሐድነት ጠርኒፉ ንዘለናዮን ንመጻእን ኣስፊሑ ዝጥምት ራእይ ስለዘለና ይዕበዩ ይንኣሱ ዝበሉ ይበሉ ስክፍታ የብልናን ዘሕዝን ግን እቶም ሙሉእ ዕድሜዖም ብዘይካ ተቓውሞ ካልእ ስራሕ ዘይብሎም ውልቀሰባት ዲሞክራሲ እንዳበሉ ዝጸሕፍዎ ጽሑፎም ከም መጠቕለሊ ቡን ወይ ሽኮር እንተዝጥቀሙሉ ምሐሾም ብድሞክራሲ ክንደይ ህዝቢ ተጠቃሚ

**ኮይኑ ኢ.ልና እንተንሐቶም መልሲ የብሎምን ንብዙሕ ህዝቢ ዘማእከለ ዲሞክራሲ እንተዝህሉ ነይሩ እዚ ሕጂ ኣብ ዓለምና ዘሎ ምንቁልቃል ኤኮኖሚን ብዝሒ ስእነት ስራሕን ኣይምመጸን ነይሩ ብስም ነጻ ዕዳጋ ቅጥፈትን ስርቂውን ኣይምተፈጥረን ነይሩ ንሕና ኤርትራውያን ንዝብሉዎን ዝዛረብዎን ከምዚ ኢ.ሎም ኢ.ልና ነንሕድሒድና ካብምዝራብ ነቲ ዝዛረብዎ ሓሶትን ቤላቤሎውን ዕዉር ሓሶት በብዘለናዮ ከነጋልጾምን ክንምክቶም ይግባእ እዞም ዑሱባት መለስ ዝኾኑውን ሕብረት ኤሮፓ ንኤርትራ ብዘይ ፖለቲካውን ማሕበራውን ጸቕጢ ሐገዝ ክትገብር ምስተዛረበት ብሕርቀት ድቃስ ሲኢ.ኖም ዝግብሩዎን ዝዛረብዎን ጠፊኡዎም ዕግርግር ፈጢ.ሮም ላዕልን ታሕትን ኢ.ሎም ክበኽዩ ንሰምዖም ኣለና ኤርትራዊ ባህልን እምነትን ዘለዎ ኣንጻር ሃገሩን ህዝቡን ጠጠው ክብል ርኢ.ናን ሰሚዕናን ስለዘይንፈልጥ ገሩሙና “ኤርትራውያን ኢ.ና “ እንዳበሉ ክሰብኩ ዝነበሩ ሕጂ <u>ምስ ወያኔ ናይ ሐንቲ ሳንቲም ክልተ ገጽ ምዃኖም ኣመስኪሮም</u> እዞም ሰባት ብስም ተቓውሞ ንናይ ኤርትራና ናጽነት ምስ ስርዓት ሃይለስላሴን ደርግን ኣመሳሲሎም ከቕርቡ ምፍታኖምውን እቲ ዝዓበየ ዘይድምሰስ ሕድሪ ስውኣትና ዘይፈልጡ ኤርትራዊ ባህልን ልምድን ዘይውንኑ ኤርትራዊ ስጋን ትውልድን ዝሐቁፍ መንነት ዘይብሎም ደድሕሪ መለስ ዝኸዱ ጭራ ወያነ ብሐሶት ንድራር ሐደ ምሸት ከገልግሉ ከለዉ ንሕና ኤርትራውያን ግን <u>ሐቂ ይጸንሕ ንደቂ ጽቡቕ ግብሪ ይኸውን ንጽድቂ</u> ስለንብል በዚ ንፈላለ**

**ዓወት ንሐፋሽ**

**ብርሃነ ገብረመስቀል**

15-03.2009